Homeless Link

SUPPORTED BY

MAYOR OF LONDON

# ናይ መዐወኒ ሓሸሽን ኣልኮላዊ መስተን ሕክምናን ደገፍን ምርካብ

ንካብ ዩናይትድ ኪንግዶም ወጻኢ ንዝኾኑ ቤት ኣልቦነት ዘጋጠሞም ሰባት



**ምስ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ምጥቃም ሓሸሽ ተኣሳሲሩ ሓገዝ ዘድልየካ ጸገማት ኣለካ ድዩ?**

**ኣብ UK ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ሓሸሽን ኣልኮላዊ መስተን ደገፍ ናይ ስደተኛ ኩነታትካ ኣብዚ ዝኾነ ይኹን ብዘይገድስ ነጻ ኣገልግሎት ክትረክብ ከም ትኽእል ትፈልጥ'ዶ?**

## እዚ ደገፍ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፦

- ሓበሬታን ምኽርን ኣብ ብዝያዳ ብዉሑስ መንገዲ ኣጠቓቕማ ሓሸሽን ኣልኮላዊ መስተን
- ናይ ጥዕና ምርመራታት
- ናይ ሓሸሽ ከምኡዉን ናይ ኣልኮላዊ መስተ ምኽሪ
- ንሄሮይን ከምኡዉን ሞርፊን ንምትካእ ዝእዘዝ - ሜታዶን ወይ ቡፕርኖሪፊን

## ነዚ ደገፍ በዞም ዝስዕቡ ክትረኽቦም ትኽእል፦

- ፍሉይ ናይ ሓሸሽ ከምኡዉን ናይ ኣልኮላዊ መስተ ኣገልግሎት ንቤት ኣልቦነት ዘጋጥሞም ዘለዉ ሰባት
- ናትካ GP – እዚ ናይ ሰድራ ሓኪም ኮይኑ ከምኡዉን ንሕክምና ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ቀዳማይ ተጸዋዒ ኣካል እዩ
- ቐንዲ ክንክን ነርስ ኣብ ናይ መዓልቲ ማእከል ወይ ካልእ ቦታ

ዝኾነ ኣብ UK ዝነብር ሰብ ምስ GP ብነጻ ክምዝገብ ይኽእል እዩ። ነዚ ንምግባር ታሴራ ወይ መረጋገጺ ናይ መንበሪ ከተርኢ ኣየድልየካን እዩ።

ብተወሳኺ እዉን ኣብ ዘድልየካ እዋን ካብዞም ኣገልግሎታት ንናይ ቛንቛ/ትርጉም ደገፍ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## እዚ ዝስዕብ ምስ ትኸዉን፦

- ካብ EEA ሃገር ምስ ትኸዉን ከምኡዉን ኣብ UK መንበሪ ወይ ቕድመ-መንበሪ ደረጃ ምስ ዝህልወካ (ወይ ነዚ ደረጃ ተመልክት ምስ ትህሉ)
- ስደተኛ
- ሓታቲ ዕቑባ
- ዝተነጸገ ሓታቲ ዕቑባ ካብ ሆም ኦፊስ ወይ ናይ ከባቢ ሰበስልጣን ደገፍ ትወስድ ዘለኻ
- ኣብ UK ንምጽናሕ ግዜ ገደብ ዘይብሉ መጽንሒ ዘለካ

## ነዞም ዝስዕቡ እዉን ብነጻ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ፦

- ኣብ ሕክምና ካብቲ መርዚ ናይ ምጽራይ ሕክምና ዝግበረልካ ዘሎ፣ ንኣብነት ካብ ሓሸሻት ወይ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ሆስፒታል ወይ ካልእ ክልኒካዊ ቦታ ምክትታል ዘለዎ ምልቓቕ
- መንበሪ ተሃድሶ፣ ንኣብነት ሕክምናን ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ ኣብ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ሓሸሻት

**ኣብ UK ዘለካ መሰል ናይ መንበሪኻ ከምኡዉን ንነጻ ሕክምና ዘለካ መሰል ከተረጋግጽ ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።**

**ተወሳኺ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ንደገፍ ሰራሕተኛኻ ሕተት።**


**ንሕና እንገብር**

Homeless Link (ሊንክ ናይ ገቤትኣልቦነት) ሃገራዊ ኣባልነት ግብረሰናይ ንኣብ ቀዳማይ መስመር ዝርከቡ ኣገልግሎታት ናይ ቤት ኣልቦነት እዩ። ብመጽናዕቲ፣ መምር ሕን መምሃርን ኣገልግሎታት ከነማሓይሽ ንሰርሕ፣ ከምኡዉን ንምቕያር ፖሊሲ ኩሉ ሰብ ገዛይ ክብሎ ዝኽእል መንበሪ ከም ዝህልዎን ንዕኡ ንምዕቃብ ደገፍ ከም ዝህልዎምን ዘረ ጋግጽ ወፈራ ነካይድ።

Homeless Link

Minories House
2-5 Minories
London
EC3N 1BJ
www.homeless.org.uk
@HomelessLink



Homeless Link 2023. ኩሉ መሰላት ዝተሓለወ።

Homeless Link (ሊንክ ናይ ቤት ኣልቦነት) ግብረሰናይ ኮይኑ ቑጽሪ 1089173 ከምኡዉን ናይ ትካል ቑጽሪ 04313826 እዩ